100% ውልቃዊ ብሕትውንኡ ንዜጋታት ዘሰተለመ ሕቡን ዜጋ
ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ካብ ግንባር ቶሮንቶ



HAILE M. OKBE
200 WELLESLEY ST. EAST, APT. 2507
TORONTO, ONTARIO
M4X 1G3
CANADA

Contact: 416 -858 9305
haileokbe@yahoo.com

# ሕቶ ወደብ ዓሰብ
# “ምኽሩይ ዓመጽ” ወይስ ልኡላዊት ፍትሒ?

## ቅሉዕ መልእኽቲ ንክቡር ኣቶ ኣሸብር ኣርዓዶም
## ሽወደን

ክቡር ኣቶ ኣሸብር፣ ከመይ ኢልኩም ቀኒኽም። ማሕረ ንኸትህልዉ ምንየተይ ኢዩ። እግዚኣብሄር ክቡሩ ይስፋሕ ኣነ ማሕረ ኣለኹ።

እቲ ኣብ ነሓሰ ወይከኣ ኦገስት 27፣ 2007፣ ኣብ ዓውደ ኢንተርነት ደቀባት-ዳት-ኮም ዝተዘርግሐ፣ ካብ ሽወደን ዝላኣኽሞ ጽሕፍኩም http://www.deqebat.com/pdf006/ASAB_QENEDGIT_001.pdf ብደምቢ ገረ ተመልኪተዮ። መልሰ ግብረይን መርገጽየይን ከምኡውን መርገጺ ናይቶም ቂርጸኛ ደገፍቲ ደቀባተይን፣ ኣብ ሕቶ ዓሰብ ኣዚዩ ጽኑዕን ርጡብን ምኻኑ ብትሕትና ክገልጸልኩም ፍቓዱለይ። ኣብዚ ኣነን ንሰኹምን ሓድሕድ ጸሚድናዮ ዘሎና ናይ ሓሳብ ልውውጥ ቃርሳይ ድማኒ እንተኾነ ናይ ምትዕግጋብ እንተኾዘይኮነ ከኣ ናይ እንካን ሃባን መንፈስ ዝዓሰሎ ጽቡቕ ዝምድና ክህልወና በዓል ብዙሕ ተስፋ ኢየ።

ክቡር ኣቶ ኣሸብር፣ ነቲ ዘለኩም ስክፍታ ናይ ወደብ ዓሰብ፣ ኣብ መራሽቢ ብዙሓን ወጺእኩም ብኽፉት ልቢ ክትገልጽዎ ምትሳእኩም ክምኡ ድማ ንኣይ ስመይ ብምርቃሕ ኣብዚ ጉዳይ ናተይ ተሓታትነት ክተጣይቑ ምብቃዕኩም ኣጣኹም ክብ ዝበለ ኣድናቖት ይስማዓኒ። ቁልፉ ብደምቢ ዓጢቑ ኣብ ቃልዕ ወጺኡ፣ ዝሓትትን ኣቶ እከለ ወዲ እከለ ኢሉ ስም ዝረቁሕን፣ ሰብኣይ ክርኢ ከለኹ ብጣዕሚ ኩርዓትን ደስታን ይስማዓኒ። ኩርዓተይ ኩርዓትኩም ደስታይ ደስታኹም።

ኣሸብረይ፣ ናብቲ ውራይ ነገርና ንእቶ።

## ቁጽሪ 1

## ዓሰብ ከምኩሉ መሬታት ኤርትራ መለሳ ዘይብላ ፍሕሽውቲ ዓሰብያ።

ንሕና እቶም ቁርጸኛ ደቀባት፣ ንወደብ ዓሰብ ፍልይ ዝበሉ ፌስርያታት ኣይንህባን ኢና። ወይውን ዝግባኣ ክብሪ ኣይንኸልኣን ኢና። ዓሰብ ካብ ማናም ካልእ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ፈሊና ኣይንርእያን ኢና። ዓሰብ ልዕሊ መቐርካ ዓድ ሽሓይ ወይ ኮርባርያ ኣዋሊዕጸሩ ወይውን ጥቐሱለይ ካልእ፣ ፈሊና ኣይንርእያን ኢና። ከምቲ ንሰኹም፣ ፍላይ ማንታ ባጽዕና፣ ሉል ቀይሕ ባሕርና ወዘተ ዝብሉ እስቲፉኖሳዊ ሕላገታት ለጣጢፍኩምላ ዘለኹም ንሕና ደቀባት ፈጺምና ኣይንለጣጥፈላን ኢና።

## ቁጽሪ 2

## ነጻነት ኤርትራን ትርጉሙን ፈጺሙ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱ ኣይኮነን።

ኣብዚ ሓሳብ ንሕና ቁርጸኛ ደቀባት ምሳኹም ኣጸቢቕና ኢና ንቃዶ። ምንም ጸገም የብልናን። ነጻነት ኤርትራን ትርጉሙን ኣብ ፈተነ ክእቱ ዝገብር ዘሎ ግን እቲ ዝኾርዓላ ዑና ኣንዳቦ የብሉ፣ ዝኾርዓላ ቃጽያ የብሉ፣ ዝኾርዓላ ዓውዲ የብሉ፣ ዝኾርዓላ ኣንዳሓሰር የብሉ፣ ዝሕበሓላ ኣንዳበለሰ ዘይብሉ እስቲፉኖስ ብቻ ኢዩ።

ኣሸብረይ ሓደ ዕላል ክዕልለኩም። ኣብዚ ቶሮንቶ ኣነ ዝፈልጦም የሕዋት ኣለዉ። ቅድሚ ውግእ ኢትዮ-ኤርትራ ብጣዕሚ መዓልኩም ናይ እግዚኣብሄር ኣጸቢቕና ንወሃሃብን ንከባበርን ኢና ኔርና። ውግእ ምስመጸት፣ ክብሩ ይስፉሕ እግዚኣብሄር ወይጠታት እስቲፉኖስ ከጋግዩኒ

ዕድል ኣይረኸቡን። ኣነ ጽኑዕ መርገጺ ኣንጻር ትምክሕተኛ ወራሪ ስርዓት እስቲፋኖስ ሒዞ፣ ኣብ ባይታይ ደው በልኩ። ኣብቲ እዋን ብሰንኪ እዛ ጽንዕቲ መርገጺት፣ ሽሾ ኤርትራውያን ቶሮንቶ ምሳይ ኣብ ምቅይያም በጽሑ። ኣነ ድማ እምኒ ግሃጹ በልኩ። ሰብኣይ ዋላ ድድየ ተደዓያም ይምጽኡ፣ ኩሉ ግዜ ሰብኣይ ክኸውን ኣለዎ፣ በሃላይ ኢየ።

ውግእ ድሕሪ ምብርዑ ነዞም ዝገለጽኩዎም ኣብ ቶሮንቶ ዝቕመጡ የሕዋት፣ ኣብኦም ካብ ኣዲስ ኣበባ ተሰጕጎም ንኣስመራ ኣተዉ። እቶም ደቆም ከኣ ንኣይ ኣጸቢቖም ክጸልኡኒ ጀመሩ። ነቶም ዝተሰጉ ሰብኣይ ሓደ ወዶም ኣብዚ ቶሮንቶ ዝቕመጥ፣ ሓደ ግዜ ጎፍ ኢለዮ ምስተራኸብና፣ “ ወያነ ” ኢሉ ይጸርፈኒ። ኣነ ግን ክምዘይሰማዕክዎ ዋኒነይ ናብ ካልእ ኣቕኒዐ ሰገርኩ። ኣብ ካልእ እዋናት ድማ ንዕኡ ካልኦት ኣዋልድ የሕዋቱ ንዓይ ክርእያ ከለዋ፣ ገጸን ናይ ምብራህ ምልክት ዘይብሉ ብጽልኢ ተነፊሐን ተቖብቆባለይ። ኣብታ እዋንቲኣ ግን ሰብኣተይ ጎሪሑ፣ ደርዒ ኣባጎብየ ተሰኪሙ ስለዝነበረ ምንም ኣይዓጀበንን። ኣረጋጊጸ ዝተኣማመንኩዎ ነገር ከኣ “ኣብ ዘለኻ ሃሊኻ፣ ጽንዓትካን ደርዕኻን ሒዝካ ገጥ ምባልን እዋን ምጽባይን” ነበረ። ሰብ በዓን ምንም ሓይሊ ክምዘይብሉ ካብ ጊሓቱ ብደምቢ ዝተሰቆረኒ ሰብኣይ ኢየ።

ለሚ ቕነ፣ ሓደ ካብ ነዊሕ እዋን ዝፈትዎን ዝፈትወንን መሓዛ ብዛዕባ እዞም ሰድራ የዕልለኒ ነበረ። በለኒ ድማ “ ሃይለ ”። “ምሆይ”። “ሰሚዕካዶ . . . . እንዳ እከለ እኮ፣ ነብኦም ካብ ኣስመራ ብትግራይ ኣስሊኾም ነዲስ ኣበባ ኣእቲዮሞም። ደቆም ኣብኡ ገዝኦም ኮነ መነባብርኦም ዳግም ክጣይስዎም ላዕልን ታሕትን ይብሉሎም ኣለዉ። ሕጂ ጉዕዞታት ናብ ኣስመራ ምኻን ተሪፉስ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኑ ኣሎ”። ከምኡ ምስበለኒ በስምኣም ብወልድ መንፍስ ቅዱስ በልኩ። ብስምባደ ድማ ርእሰይ ሓዝኩ። ናይ ብሓቂ ድማ ፈታኒ እዋን ኣቲና ክምዘለና ከኣ ንነብሰይ ቁልጭ ኢሉ በርሃሉ።

ኣሸብረይ፣ እዚ ፍጻሜ ንኽትኣምንዎ ዘሸግር ፍጻሜ ኢዩ። ይኹን ደኣምበር ሓቀኛ ፍጻሜ ምኻኑ የረጋግጸልኩም። እዚ ሓደ ዝተቐልዐ ኣብነት ኢዩ። ካልኦት ብሕብእብእ ኤርትራን ሓበናን በጂኻ ናብ ዝማእማእካ ዓንዴል ምህላላት ክምዘለዉ ድማ ንምግማቶም ዘጸገም ኣይኮነን።

ኣብዚ ኣብነት ነጻነት ኤርትራ፣ ክብሪ መሰዋእትነትን ትርጉም ልኡላውነትን ፋይዳ ክንቲ ከይኑ ንኽተርፍ ዘምክኖ ዘሎ መንና ኢዩ? እንዳሓሰር ኣልቦ እስቲፋኖስ ወይስ ክቡር ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣስተርሒዮም ይርሃዎም በዛላይ ሃይለ መንገሻ? ክብረተይ፣ ፍርዲ ናብኹም ሓዲገዮ ኣለኹ።

## ቁጽሪ 3

## ፍትሓዊ መርገጺና ኣብ ሕቶ ወደብ ዓሰብን ስትራተጂካዊ ጠቕምታት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ቀይሕ ባሕርን ፈጺሙ ኣይንቕነቕን።

ክቡር ኣቶ ኣሸብር፣ ኣብ ሕቶ ወደብ ዓሰብ ዘሎና መርገጺ፣ ወደብ ዓሰብ ብዘይሸልብ ግልብ ናብቲ ክኸውን ዝግብኦ ሓቀኛ ናይ ተፈጥሮ ቦታኣ ትመለስ ዝብል ኢዩ። እዚ ማለት ድማ ወደብ ዓሰብ ንኢትዮጵያ ትወሃብ ማለት ኢዩ። የማን የብሉ ጸጋም የብሉ። ስለምንታይ? ምኽንያቱ 80 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ኢትዮጵያ ወደብ ኣልቦ ኮይና ካብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ናይ ቀይሕ ባሕሪ ፍጹም ክትእገድ፣ ብኣንጻሩ ድማ 4 ሚልዮን ጥራይ ዘለዋ ሃገርና ኤርትራ፣ 1000 ኪሎ ሜተር ንውሓት ገማግም ባሕርን ክልተ ወደባትን ሒዛ ኣመና ክትፍሳህ፣ ዘይፍትሓዊ ስለዝኾነ ሕልናውን ቅንዕናውን መንፈስና ፈጺሙ ኣይቀባበሎን ኢዩ። ሕቶ ወደብ ዓሰብ ድማ ውጹእ ሕቶ ናይ ፍትሒ ኢዩ።

ፍትሒ ድማ ልዕሊ ኩሉ ነገር ኢያ። ልዕሊ ሰሱዕ ወዲ ኣዳም፣ ልዕሊ መጽሓፉ፣ ልዕሊ ውዕላቱ፣ ልዕሊ ፊርማታቱ፣ ልዕሊ ካርታታቱ፣ ልዕሊ መራሕቱ። በጃኹም ምስዚ እስቲፋኖስ ወሱኹለይ። ወዘተ። ንልኡላዊት ፍትሒ ክተግብር ንዝደለየ ውልቀ ሰብ፣ መራሒ ወይ ሃገር ድማ ምንም ዝኽልክሎም ነገር የብሎምን። መግዛእታዊ ዶብ ኣይገትኣም ልኡላዊ መሬት ኣይቅይዶም ወይ ወደብ ኣየፍርሖም። ኣብ ጉዳይ ዓሰብ ዝተመልከተ ከኣ ልኡላዊት ፍትሒ ክሳብ ዘየንገስና ኤርትራውያን ጥዑም ድቃስ ክንድቅስ ከምዘይከንና ቃለይ ይገልጸልኩም። ምኽንያቱ ዓመጸኛታት ኢና። እቶም ክንሕባኣሎም ንፍትን መግዛእታዊ ዶባት ድማ ንልኡላዊት ፍትሒ ንሓዋሩ ዘይከኑስ ንግዚኡ ብምጽቃጥ ንሰሱዕ ርውየት ናይ ዓመጸኛታት ምኹኑይ ንምግባር ዘገልግሉ ፖለቲካዊ ካርታታት ኢዮም።

መግዛእታዊ ደባት ፍጹማት ኣይኮኑን። ላኣላዊት ፍትሒ ግን ፍጽምቲ ኢያ። ንሕና ቁርጸኛ ደቀባት ከኣ ቢታ ፍጽምቲ ዝኾነት ልኣላዊት ፍትሒ ተገዚእና ንመሓደር ደቀባት ኢና። ክብሩ ይስፋሕ እግዚአብሔር።

ነቶም ሽቃጦ ፖለቲከኛታት ወይከኣ ነቶም ሰብኸቶም እናቐንጠወቶም ፍትሒ ጓዕጺጾም ክኸዱ ዝፍትኑ መራሕቲ ውድባት ወይ ሰውራ፣ ደጊም ኣብ ክብድኹም ካንሰር(ምኽኑይ ዓመጽ) ሒዝኩም ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ምስ ኢትዮጵያዶ ምስ ህዝባዊ ወያነዶ እናበልኩም ምሽቃጥ ዋጋ ዘየውዕ ጽእ ፖለቲካ ምኻኑ የዕሪኹም ክትግንዘቡ ይግባእ። ነገር ኣበላሽናልኩም ኢና። ሓደው ዓመጻኛታት ኩሉ ሓደው ከኣ እታ ትቕንጥወኩም ዘላ ሰብነትኩም ክትምሕርዋ ፍትሓውያን ኩኑ። ፍርቂ ፍርቂ ዝበሃል የለን።

ብዛዕባ ኣብ ግብሪ ኣወዓዕላ ልኣላዊት ፍትሒ ከምቲ ብኣፋውትኹም "ፈጺሙ ዘይከኣል እንድዩ እሞ" ኢልኩም ክተእምንዎ ኣበርቲዕኹም ሒኸ ትብልዎ ኣይኮነን። መግዛእታዊ ደባት መን ተኺልዎ? ቡዓን ሰባት ከምዚ ከማና። ቡዓናት ዝተኸልዎ ሕጂ ድማ ቡዓናት የመሓይሽዎ። ንሕና እዞም ሕጂ ዘለና ወለዶ ኤርትራውያን ወይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ካብቶም ናይ መበል 19 ክፍለ ዘመን ቡዓናት ጣልያን ወይ ምንሊካት ንሰንፍ ኢና ድኹም ክትብሉና? ንሶምኳ ብዓቕሞም ብዙሕ ዝገበሩስ ንሕና እንታይ ይሳኣነና?

<u>መግዛእታዊ ደባት ይኹን ዋላውን ሕግታት ዓለም ሰቢርና ልኣላዊት ፍትሒ እንድሕሪ ኣንጊስና፣ እሞ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ሓበራዊ ስትራተጂካዊ ጠቕምታት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከረጋግጽ እንተበቒዕና፣ ዘለቄታዊ ሰላም ድማ ክንፈጥር እንተኽኢልና ቅኑዕ ተግባር ኢዩ።</u> "ምኽኑይ ዓመጽ" ምጥቃም ግን ብምንም ተኣምር ቅኑዕ ተግባር ኣይኮነን። ብቐጽበት ከኣ ክንጸግ ይግባእ።

ክቡር ኣቶ ኣሸብር፣ ንሕና ቁርጸኛ ደቀባት ልኣላዊት ፍትሒ ከንግስ ምቅላስና ንዜግነትና ፈጺሙ ኣይሓኮን ኢዩ። ንሕና፣ ንልኣላዊት ፍትሒ ኣስሚርና ምዝራብናን ንጽኑሕ ኣመላኻኽታ ኣሻፈረ ምባልናን ዜግነትና ክስእነና ኣይክእልን ኢዩ። ነንኽርዓሉ ናትና እንዳሓሰራውትና ድማ

ዝኸልኣና ማንም ፍትሓዊ በዓል ስልጣን ናይ ኤርትራ የልቦን። እዚኦም "ደቀባት ወይከኣ ኤርትራውያን ኣይኮኑን፣ ወያነ ኢዮም፣ ኢትዮጵያውያን ኢዮም" ዝብል ሕሱር ዘረባታት ኣብ ጥቓና ኣይቀርብን ኢዩ። ልዕሊ ደቀባትነትና፣ ደቀባት ኮይኖም ክራኣዩልና ሒኾ ንዝብሉ ውልቀ-ሰባት ከኣ እርዳእኹም ኢልናዮም ኢና ንሓልፍ።

ኣሽብረይ፣ ንእግሪ መንገደይ ኻኹልና ዝኸውን ሰው ከብለልኩም ዝደሊ ዓቢ ዘረባ ኣለኒ። ንኣይ ዝብኡ ቕ መዓንጣ ጌርካ ኣፊይ ንምልኺኽ ዝዓለሙ ዝተፈላለዩ ረቛቕትን ግህዶን ዝኾኑ ናይ ምፍርራሕ ሃቐነታት ብቐጻሊ ምስተወርወሩ ኢዮም። ኩልና ከስትውዕሎ ዝህበኩም መጠንቀቕታ፣ ደምኩም ኣብ ማርሻ ፔዲ ክትክዕዉ ቅሩባት እንተዘይኴንኩም ኣብ ዝኾነ ዓይነት ፖለቲካ በጃኹም ቀንጠብጠብ ኣይትበሉ። ኣርባዕተ ነጥቢ።

እንሆ ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ፣ ንሕና ቁርጸኛ ደቀባት ኤረትራውያን፣ ንልኡላዊት ፍትሒ ኣብ ክሊ ዜጋታትናን ዜጋታት መሓዛ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያን፣ ብዘይተገላቢነት ንኽትህነጽ ኣብ ንቃለሰሉ ዘሎና እዋን፣ ብስመይን ብስም እቶም ነዚ ፍትሓዊ ሓሳብ ብመሰረቱ ከም ጥንሰ ሓሳብ ካብ መጀመርትኡ ዘፍለቑ ደቀባትን፣ ኻኹሎም ናትና ፍትሓዊ መርግጺ ዝደገፉ ደቀባት ኤርትራን ደቀባት ኢትዮጵያን ምስጋና ብትሕትና ከቕርበሎም እፈቱ።

ክብረተይ፣ ብዛዕባ ዝወጹ ዝነበሩ ጽሑፋተይ ኮነ ዝነኣድኩሞም ኣስተምህሮታተይ ከኣ ድቃስ ኣብዚሐ ኔረ ኢየሞ፣ ዘበራበርክሙኒ ብዙሕ የቕንየለይ። ንወዲ ኣዳነሽ ከኣ ኣብ ደቦቑኡ ሕስም ትርኢት ምንግርጋሩ ክቕጽሎ ምኺነይ እሕብረኩም። ኣሰዒበ ንእሽቶ ድሕረ ጽሑፍ ይልእከልኩም ኣለኹ እሞ ኩተንብቡለይ ብትሕትና ይዕድመኩም። ብዝተረፈ ደሓን ቀንዩ።

ድሕረ ጽሑፍ፣ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ገጽ ተመልከቱ።

ድሕረ ጽሑፍ

# ሃለዋት እስቲፋኖስ ኣለኩምዶ?

ኢሳያስ እንደሚኖ ክጻወት ንቤትገርግሽ፡ ምስዘይ መሳትኡ ክልሀ ድማ ሻምሩክ ብምምልላስ በጥረምረም ይብለለይ ከምዘይነበረ ሎሚ ሽታትኡ ህጥም ኣቢሉ ከም ደቅሕድርትና ጽላሎቱ ጥራይ ኢዩ ኣብ ልዕሊ ኣስመራ ክንጸላሉ ዝርከብ ዘሎ። እቲ ጽላሎት ኣጸቢቑ ክሽብድ ከሎ ጸጥታ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ብስዉር ካብ ኣራንሾኒ ናብ ቀይሕ ይደምቕ። ምስኡ ከኣ ጎደናታት ኣስመራ ሃንደበት ብሓለዋ ሰራዊትን ኣባላት ጸጥታን ፈሰኽሰኽ ይብል።

ነዚ ኩነታት ብቐጻሊ ክዕዘብን "ንሱ" ደኾንዩ እናበለ ግምታት ክገብርን ዝሸርም ዘሎ ህዝቢ ኣስመራ ድማ ምስ ኢሳያስ ኣብ መሰጨነቕ ዝኾነ ጭርጭር ዓበደ ተቐፊዱ ይርከብ።

ህዝቢ ኣስመራ ጎደናታት ኣስመራ ሃንደበት ብሓለዋ ሰራዊትን ጸጥታን ክዕለቕልቕ ከሎ፡ "እሞ እስቲፋኖስ መጺኡሎ" ኣብ ዝብል ግምት ብሓሳብ ምስ ጽላሎት ኢሳያስ ክዋጠጥ ሃላኽ በሊዑ ይርከብ። በዚ ምኽንያት ድማ ሰዉር ኣተሃላልዋ ኢሳያስን ኣብ ኣስመራ ዘጋጥም ሃንደበትነት ምጥልቕላቕ ሰራዊት ተኣሳሲሮም፡ "እስቲፋኖስ መጺኡ" ዝብል ዋዛ ብቐጻሊ ከምዝድመጽ ጌሮም ይርከቡ። እስቲፋኖስይ፡ ሕጂዶ ይሓይሽ ቀልባዕባዕ። ነበር ምኺን ክሓስም፡ ሓፍ ኮፍ ትብል ኔርካስ ስሕብ ህጥም።



ጭርጭር ዓበደ፡ ፍቕዶ ቤት ገርግሸዶ ሻምሩክ ሓፍ ኮፍ ትብለለይ ከምዘይነበርካስ፡ ስሕብ ህጥም። ነበር ምኻን ክሓስም።

ምስ ኣኽብሮት

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፡ ካናዳ
ኦክቶበር 15፡ 2007